Mr. Diijon DaCosta, Sr., *ኣቦ-መንበር ቦርድ*
Mrs. Deirdre P. Pierce፡ *ምክትል ኣደ-መንበር*
Mrs. Anna Hill
Ms. Whitney McGinniss
Ms. Allyson Gevertz
Mrs. Vickie B. Turner
Dr. Joyce Morley

DeKalb County School District

Dr. Devon Q. Horton፡ *ዋና-ኣማሓዳሪት*

**ብህጹጽ ዝውሃብ ሓበሬታ**

4 ጥቅምቲ 2023

**ዝርከብ ሰብ (ኮንታክት)፧**
Donald Porter, *Ed.D.* 678-481-4110
Carla Parker 404-734-1717

## GaDOE፡ ኣገዳሲ ዝኾነ ኣካዳምያዊ ውጽኢትን ምምሕያሻትን ንዘምጽኡ ኣብያተ-ትምህርቲ DCSD Title 1 ክብሪ ይህብ

(STONE MOUNTAIN, GA) – ክፍሊ ትምህርቲ ጆርጅያ (Georgia Department of Education (*GaDOE*))፡ ኣብ 2 ጥቅምቲ፡ ናይ 2022-2023 ዝርዝር ኣስማት ናይተን *ብሉጻትን ኣዕገብትን ኣብያተ-ትምህርቲ (Distinguished* and *Reward Schools)* ኣብ 2 ጥቅምቲ ዘርጊሑ፣ ብዙሓት ኣብያተ-ትምህርቲ ድማ ካብ DeKalb County School District (*DCSD*) ኣተኲሮ ረኺበን ኣለዋ። *ብሉጻት ኣብያተ-ትምህርቲ* ተባሂለን እተሰምያ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ እተን ኣብ ጆርጅያ ልዑል-ስራሕ ዝሰርሓ ናይ Title I ኮይነን፣ እተን *ኣዕገብቲ ኣብያተ-ትምህርቲ* እተሰምያ ኣብያተ-ትምህርቲ ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዚኾነ ምምሕያሻት ዘምጽኣ እየን።

ዋና-ኣማሓዳሪ Dr. Devon Horton፡ እቲ ክውሃበን ዘለዎ ኣፍልጦ መታን ክረኽባ ብዘይተጸዓድነትን ብኣድማዕነትን ንዝሰርሓ ዘለዋ ኣብያተ-ትምህርቲ DCSD ናእዳኡ ኣቕሪቡ።

"ኣካዳምያዊ ብሉጽነትን ዕብየት ተማሃራይን ኣብዘን ኣብነታውያን ኣብያተ-ትምህርቲ Title 1 ዚኹስኩስ ጻዕሪ ምርኣይ ድሪኺት ዚፈጥር እዩ" ብምባል Dr. Horton ተዛሪቡ። "ተወፋይነትን ሓያል ጻዕርን ተማሃሮና፡ መምሃራን፡ ሰራሕተኛታትን መላእ ማሕበረ-ኮም ቤት ትምህርትን፡ ነፍስወከፍ ቆልዓ ግቡእ ደገፍን ዕድላትን ምስዝውሃቦ ኣብ ትምህርቲ ኪዕወት ይኽእል ንዚብል እምነትና ድርዒ ዚኸውን እዩ።"

ናይ ክፍለ-ሃገር ኣብያተ-ትምህርቲ ዋና-ኣማሓዳሪ Richard Woods ድማ ይሰማምዓሉ እዩ። ከምዚ ኢሉ ድማ ተዛሪቡ፧ "ኣብዚ ዝርዝር ዘለዋ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ነቲ ዘጋጥም ዕንቅፋታት ኣብ ምውጋድ፡ ንብድሆታት ኣብ ምብዳህን ንተማሃሮኤን ዓቢ ረብሓ ኣብ ምምጻእን ኣገዳሲ ጻዕርታት ይገብራ ኣለዋ። ተማሃሮ ዓወት ንኸምጽኡ ዕድላት ስለዝፈጠሩ፡ ንመራሕቲ፡ መምሃራን፡ ወለድን ኮምን ናይ 2022-23 ብሉጻትን ኣድማዕትን ኣብያተ-ትምህርቲ ናእዳኡ የቕርብ።"

**ብሉጻት ኣብያተ-ትምህርቲ**፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመት ብደረጃ ክፍለ-ሃገር ኣብ ዝተኻየደ መርመራታት ኣብ ዘምጽእዎ ውጽኢት ነጥቢ ምልከት ትሕዝቶ ቛንቋ እንግሊዝ (ELA)ን ቍጽርን መሰረት ብምግባር፡ እተን ልዑል ውጽኢት ዘምጽኣ 5% ኣብያተ-ትምህርቲ Title I Schoolwide ከምኡውን Title I Targeted Assistance እየን። እተን ኣፍልጦ ዝረኸባ ኣብያተ-ትምህርቲ DCSD፧

- Chesnut Elementary School
- Dekalb Early College Academy
- Laurel Ridge Elementary School
- Livsey Elementary School
- Robert Shaw Theme School
- Wadsworth Magnet School for High Achievers

-ተወሳኺ-

**ኣድማዕቲ ኣብያተ-ትምህርቲ፡** ኣብ ቀረባ ክልተ ዓመታት ብደረጃ ክፍለ-ሃገር ኣብ ዝተኻየደ መርመራታት ዘምጽኣአ ውጽኢት ነጥቢ ምልክት ትሕዝቶ ዓውዲ ትምህርቲ ብምውድዳር፡ ልዑል ምምሕያሽ ዘምጽኣ 5% ኣብያተ-ትምህርቲ Title I Schoolwide ከምኡውን Title I Targeted Assistance እየን። እዚ ውጽኢት'ዚ ከምዘምጽኣ ኣፍልጦ ዝረኸባ ኣብያተ-ትምህርቲ DCSD፥

- Allgood Elementary School
- Avondale Elementary School
- DeKalb Agriculture Technology and Environment School
- DeKalb Elementary School of the Arts
- DeKalb PATH Academy Charter School
- Dunaire Elementary School
- Edward L. Bouie, Sr. Elementary School
- Hambrick Elementary School
- Hawthorne Elementary School
- Idlewood Elementary School
- Kelley Lake Elementary School
- Laurel Ridge Elementary School
- Livsey Elementary School
- Robert Shaw Theme School
- Woodward Elementary School
- Wynbrooke Elementary School

ነዚ ኣፍልጦታት ዚምልከት ዝርዝር መምዘኒታት ንምርካብ፡ ኣብዚ ጠውቑ። ብGaDOE ንዝተዋህበ ምሉእ ዝርዝር ኣስማት ብሉጻት ኣብያተ-ትምህርቲ ከምኡውን ኣድማዕቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2022-2023 ንምርካብ፡ ኣብዘን ሊንኪታት ጠውቑ።

XXX

Robert R. Freeman Administrative Complex
1701 Mountain Industrial Blvd. | Stone Mountain, GA 30083
678.676.1200 | www.dekalbschoolsga.org